
# መባእ



ግጥሚ ብ/ሰሎሞን ጸሃየ

መጕተ ረቲዐ

ተዋጊአ ኣድሚዐ።

ተኸለይ ተኸሊ ራህዋ

ተኸሊ ሰናይ ተኸሊ ጸጋ፡/

ብጭኳሮ ዓጽመይ ተኹስኲሳ

ብመስኖ ኣንጕዐይ ተርኪሳ፡

ዓንቢባ - ነብሰ ስጋይ ተመጊባ

ፈርያ - ደም ረሃጸይ ሰትያ።

ዓስቢ ጻማይ ሰላም ሓፈሰ

ልበይ ዓሪፉ ኣስተርሒየ ደቂሰ፡

ኮበርታይ ጨርሒ ጕረቤተይ ቈጥቋጥ

ደጊም መቂሩኒ ዕጨ እምኒ ምጽቃጥ፡

ሓመድ መንጸፈይ ፍርናሽ ጥዒሙኒ

ኣካ ለስለሰለይ መተርኣሰይ እምኒ!

ዘተክዝ እንዶ'ሞ እህህታ ሰሚዐ

እህህታ'ኺ ኣደየ ካብ ልቢ 'ተጕስዐ!

ዓዓሊልኪ ትነብዒ

ጨጨፊርኪ ትነብዒ

ደደሪፍኪ ትነብዒ

ሰሳዕሲዕኪ ትነብዒ

ተሓቢንኪ ከኣ ትነብዒ፡

ክልተ ኣምሳል - ኣብ ሓደ ኣካል።

ብጾተይ፡ ከም ካብ ዓጺድ ቀሪም ዝተረፉ

ብጾተይ፡ ከም ካብ ብሱል ጥረ ዝወጹ

ገጽኪ ይሕልዉ'ለዉ'ሞ ክትነብዒ ይስቀቑ

ንኣም ሕሰብለይ ምትራፎም ከይጸልኡ።

ከምቲ ትምንንዮ መባእኪ ንጽድቂ

መባእ እንድየ ኣነስ መባእ ስለ ሓቂ፡

ኣመና ክቡር'ዩ ናጽነት ዋጋኡ

መባእ'ውን ንቡር'ዩ ከይምለስ ናብ ቆፎኡ።